
# ናይ ዑቕባ ኣሰራርሓ ኣገባብ ኣብ ደንማርክ (ብስእሊ ምልኽዕ)




## ቀዳማይ ክፋል (PHASE 1)

ብዘይ ናይ ጁባ ገንዘብ
ናይ ስራሕ ልምምድ (praktik) ዘይብሉ
ቦታ ኣብ Sandholm

## ካልኣይ ክፋል (PHASE 2)

ናብ ካልኣት ካምፕ ትሰጋገር

ናይ ጁባ ገንዘብ ትዋሃብ

ናይ ስራሕ ልምምድ ኣለዎ

ናይ ቛንቃ ትምህርቲ ይወሃብ

(ድሕሪ ሽድሽተ ወርሒ እቲ ናይ ብፍቃድ ምምላስ ፎርም ምስ ትፍርሙ ናይ ሰራሕ ወይከኣ ትምህርቲ ዕድል ከምኡዉን ካብ ካምፕ ወጺካ ናይ ምንባር ተክእሎ ይሀሉ)

## ሳላሳይ ክፋል (PHASE 3)

(ናይ ዑቕባ ሕቶኹም መስዝንጸግሞ መስዘይትተሓባበሩ)

- ናብ በሰገዳድ መምለሲ ካምፕ ትውሰዱ
- ናይ ጁባ ገንዘብ፡ፕራክቲክ፡ ናይ ስራሕ ዕድል ወይዉን ትምህርቲ ደው ይብል
- ኣብ ዕጽው ካምፕ ናይ ምምባር ተክእሎ
- ሰሙናዊ ርክብ ምስ ፖሊስ

REFUGEES WELCOME
Legal advice and advocacy
Denmark

TIGRINYA

# ሓፈሻዊ ሓበሬታን ምክርን ን ዑቕባ ንዝሓቱ ስደታኛታት

Refugees Welcome
ብዘይ ክፍሊት ስደተኛታት ንምሕጋዝ ዝቆመት ንእሽተይ ዘይመንግስታዊ ትካል እዩ፡

ኣብዛ ወረቀት ዘሎ ሓበሬታት ሓጺርን ሓፈሻዊን እዩ፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ከሙእዉን ንውልቃዊ ሕቶታት ብኣካል ብምምጻእ ክትዉከሱ ትክእሉ ኢኹም፡
www.refugeeswelcome.dk

# አገደስቲ ሓበሬታት

## ንሓደስቲ ዑቅባ ሓተትቲ

- ቅድሚ ፎርም ምምላእኩም ወይከአ ኢንተርቪው ምግባርኩም አገደስቲ ፍጻሜ ታት እትብሊዎ አብ ሂወትኩም ከም ቦታ፣አስማት፣ዕለታት ዝአመሰሉ ብቀደም ተከተል ጹቡቅ ጌርካ ምዝካርን ምምዝጋብን አገዳሲ እዩ
- አብቲ ናይ ዑቅባ ፎርም ኩሉ አገደስቲ ሓበሬታታት ብዝርዝር ካብ ካብ ፈለማ ክሳብ መወዳእታ ብቀደም ተከተል ምቅማጥ ወሳኒ እዩ፡ አብዚ ሓደ ነገር ኪዚከር ዘሎዎ እቲ እቲህብዎ ታሪክ ካብ ፈለማ ክሳብ መወዳእታ ተመሳሳሊ መስዚከዉን ይምረጽ
- ካብ ቡጾትኩም ወይ ከአ ካብ ካልኦት ሰባት ንዝወሃበኩም ምክርታት ወይከአ መጠንቀቅታታት ኩሉጊዜ ጠቃሚ ዘይኾኸውን ይክእልእዩ፣ እቲ ዝሓሸ ሓቂ ምንጋርን ነቶም ጉዳያትኩም ዝሕዙ ሰበስልጣን ምእማንን እዩ

## ቃለ-መሕተት ምስ ኢመግሬሽን ሰርቪስ

- አብ ጊዜ ቃለ መሕተት እቲ ዝቀሪበልኩም ቶርጋማይ ቡቁዕ እንተዘይ ኮይኑ፡ ቶርጓማይ ኪቅየረልኩም ኪትሓቱ ትክእሉ ኢኩም፡ ከይተቅየረ ምስዚተርፍ ከአ ቡቁዕ ቶርጎማይ ከምዘይነበረኩም ኪምዝገበልኩም ሓብሩ
- ቅድሚ አብቲ ቃለ ምሕተት ፎርም ፌርማኩም ምቅማጥኩም ዝኮነ ጌጋታት ከይህሉ አረጋግጽ
- ዓይነት ናይ ዑቅባ ጉዳይኩም (case) ብፉሉይ ወዲ ውይከአ ጓል ቶርጓሚ ዚጠልብ እንተኮይኑ ኻብመሕታት አይቱቆጠቡ፣
- ቆልዑት ምስዝህልውኩም ምክንያት ዑቅባ ምሕታት ናይቶም ቆልዑ አስፍርዎ
- ንዝቀርበልኩም ሕቶታት ብቀጥታ ንምምላስ ፈትኑ፡ ዝኾነ ተወሳኺ ነገር እንተሃልዩ አብ መወዳእታ ክትሕብሩ ትክእሉ ኢኩም
- ድሕሪ 6 ወርሒ ኽትሰርሑ እንተደሊኹም ነቲ ቢፍቃድ ምምላስ ዝብል ወረቀት (contract) ምፍራም ከድልየክኩም እዩ፡ እዚ ዘምጽአ ጸገም የለን፡ አድላዪ እንተኮይኑ ሓሳባትኩም ድሓር ክትቅይሩ ትክእሉ ኢኩም

## ንጥዕና ዝምልከት

- ናይ ጥዕና ጸገም እንተልዩኩም ካብ ፈለማ አትሒዝኩም ሓብሩ፡ ዘድሊ ሕከምና ክትረክቡ ትክእሉ ኢኩም

## ናይ ይግባይ አካል

- አብ ግዜ ይግባይ ብዝተካለ ምጠን ትአምንዎ ጠበቃ ምረጹ (ንዝያዳ ሓበሬታ Refugees Welcome ተወከሱ)
- ብሓፈሻ ብዝተካአለ መጠን ኩሉ ግዜ ንጡፋት ክትኮኑ ጽዓሩ፡ አብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ንምስታፍ ፈትኑ፡ ምስ ዜጋታት ዳኒሽ ዝምዱና ንምምስራት ስጉምትታት ውሰዱ

## ናይ ዑቅባ ጉዳይኩም ምስ ዝንጸግ

ናይ ዑቅባ ጉዳይኩም ምስ ዝንጸግ፡ ጉዳይኩም እንደገና ንኽክፈት (ብገምጋም ድሕሪ 15 አዋርሕ) እዞም ዝስዕቡ ነገራት ክማልኡ አለዎም

1) አቀዲሞኩም ክተቅርብዎም ዘይከአልኩም ግን ከአ ሓድስቲ ሓበሬታት ምስዝህለወኩም
2) ተወሳኪ/ዝያዳ መርትዖ ንናይ ዑቁባኩ ሕቶ ምስትረክቡ
3) መሰረታዊ ፉሉይ ለውጢ አብ ሃገርኩም ምስዝመጽእ
4) እቲ ናይ ይግባይ ዝሰምዕ አካል ንተመሳሳሊ ጉዳይ ናይ አገባብ አወሳስንኡ ልምዲ ምስዝቅይር

ሓደ ወይዉን ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብዞም አብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ነገራት መስዘጋጥሙ፡ አብ ዉሱን እዋናት እቲ ናይ ይግባይ ዝሰምዕ አካል ዳይኩም ናይ ምክፋት ዕዱላት አሎ

### ናይ ዑቅባ ጉዳይኩም ብ ዓለም ለከ ከሙእዉን ኤውሮፓዊ ናይ ይግባይ አካላት ናይ ምርአይ ዕድላት (እዚ ብገምጋም 2 ዓመት ክወስድ ይክእል)

- ናይ ዑቅባ ሕቶኩም ምስዝንጸግ ግንከአ ጠበቃታት ወይዉን Danish Refugee Council ወይከአ Refugees Welcome ጉዳይኩም ዝተነጸገሉ ምክንያታት መሰረታዊ ጌጋታት ተፈጺሙ ኢሎም ምስዝአምኑ፡ ጉዳይኩም ብዓለም ለካዊ ወይከአ ኤውሮፓዊ ቤት ፍርድታት ንክረአ ርእይቶ ክህቡ ይክእሉ እዮም

### ሰብአዊ መንበሪ ፍቃድ (Humanitarian)

- ዑቅባ ሓተትቲ ስደተኛታት አዝዮም ዝሓመሙ ምስዝኮኑ ከሙኡውን አብ ሃገሮም ነቲ ዝሓመምዎ ሕማም ዝሕክም ሕክምናዊ ብቅዓት ምስዘይህሉ፡ ናይ ሰብአዊ መንበሪ ፍቃዱ ክሓቱ ይክእሉ እዮም፡

### ምርዓ

- ሓታቲ ዑቅባ ኾንካ ንክትምየ ሕጋዊ ፓስፖርት ክህልወካ አለዎ ከምኡዉን ካብ ሃገርካ ኮንካ ጥራይ ኢካ ጠለብካ ክትሓትት ትክእል

### በዞም ኩሎም አብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ዕድላት ናይ ዑቅባ ጉዳይኩም ምስዘይስልጥ ከ

ናይ ዑቅባ ሕቶኩም ብኩሉ መንገዱታት ፈቲንኩም ምስዝይሰልጠኩም፡ እት ዝሓሸ አማራጺ ነቲ ናይ ብፍቃድ ናይ ምምላስ ዝብል ፎርም (voluntary return form) ምፍራም እዩ፣ እዚ ምስዘይትፍርሙ ግን ናይ መእሳርን ብሓይሊ ናብ ሃገርኩም ምምላስ ረከሳ አለዎ፣ ናብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮፓ ኼድካ ዑቅባ ምሕታትውን  አይኽአልን እዩ፣

## ንግላዊ ሓበሬታን ምክርን

**Refugees Welcome**
refugeeswelcome.dk/advice
50558011 E-mail:
kontakt@refugeeswelcome.dk Facebook:
Refugees Welcome, Denmark

**Dansk Flygtningehjælp**
**(Danish Refugee Council)**
Borgergade 10, 1300 København K
ኩሉ ግዜ ሮቡዕ ካብ 10-13
ቴለፎን ኩሉ ግዜ ካብ 9-15 ብ 33735000
E-mail: advice@drc.ngo

ንዝያዳ ሓበሬታ:

---

**Refugees Welcome**
refugeeswelcome.dk + refugees.dk
(also in English)

ወግዓዊ ዌብሳይት ኢሜግሬሽን ሰርቪስ
nyidanmark.dk + hjemst.dk (also in English)